ሓባራዊ መግለጺ ኲናኔ ንውሳኔ ውድብ ባይቶ ጸጥታ ሕቡራት ሃገራት, ብይን 1907 (2009).

ብዕለት 24 ጥሪ 2010፣ ኤርትራዊያን ተቐማጦ ኖርወይ ካብ ኦስሎ፣ ትሮንድሃይም፣ ከምኡ'ውን ሮጋላንድ ካብ 300 ንላዕሊ ዝኾኑ ኣብ ፕላዛ ሆቴል ኦስሎ ብምትእኽካብ ዘተ ብዛዕባ ብሽም ባይቶ ጸጥታ ውድብ ሕቡራት ሃገራት ዘሕለፎ ውሳኔ ብቑጽሪ 1907 (2009) ዝፍለጥ ድሕሪ ብዕምቆት ምዝታይ ናይ ኲናኔ መግለጺ ኣውጺኡ ኣሎ።

ካብ ክሪስቲያንሳንድ ዝርከቡ ኤርትራዊያን ዝተላእከ መግለጺ'ውን ኣብቲ ኣኼባ ተነቢቡ። ኣኼበኛታት ንመደረ ፕሮፌሶር ጊዴዎን ኣባይ ኣስመሮም ካብ ኣሜርካ ዝመጸ ምሁር ድሕሪ ብጽሞና ምክትታል እዋናዊ እዮም ዝብሃሉ ሕቶታት ተላዕሎም ዘዕግብ መልሲ ተዋሂብዎም።

እዚ ብውዕዉዕ ሃገራዊ ስሚዕት ዝተጋብአ ኣኼባ ንውሳኔ ባይቶ ጽጥታ ውድብ ሕቡራት ሃገራት ብጥብቂ ብምኹናን ኣብ ጎድኒ ህዝብን መንግስትን ኤርትራ ከም ወትሩ ደው ከምዝብልን ዝጥለብ ዘበለ ግዴታኡ ከማልእ ድሕር ከምዝይብልን ኣረጋጊጹ።

*ካብ ኣኼበኛታት ዝወጸ ናይ ኲናኔ መግለጺ ከምዚ ዝስዕብ ኢዩ።*

1. እቲ ብስም ባይቶ ጸጥታ ሕቡራት ሃገራት ብዕለት 23 ታሕሳስ 2009 ኣብ ልዕሊ ኤርትራ እገዳ ዝጠልብ ብይን ባይቶ ጸጥታ 1907 (2009) ኣትሪርና ንኹንን።
2. ባይቶ ጸጥታ ነዚ ዘይሕጋውን ዘይፍትሓዊን ዘይሓላፍነትዊን ብይን ክስርዞ ኣትሪርና ንጽውዕ።
3. ባይቶ ጸጥታ ኣብ ዞባ ቀርኒ ኣፍሪቃ ሰላምን ርግኣትን ክሰፍንን ክረጋገጽን ቅድም ቅዳድም ውሳነ ኮሚሽን ዶብ ኤርትራን ኢትዮጵያን ብህጹጽ ኣብ ግብሪ ክውዕልን ሓላፍነቱ ክስከም ንጽውዕ።ሰራዊት ወያነ ካብቲ ብወራር ሒዙዎ ዘሎ ልዑላዊ መሬት ኤርትራ ብህጹጽ ተገዲዱ ክወጽእ ኣትሪርና ንጽውዕ።
4. ሃገርና ኤርትራ ብዝተፈላልዩ ሕብርን ጉልባብን ንልምዓታ፣ ህልዌኣን ልኡላውነታን ዝጸብኡ ዘመተታት ብቀጻሊ ይፈሓሱን ብጻዕቂ ይፈታትኑን ኣለዉ። ነዚ ንምብዳህ ኣብ ጎድኒ ህዝብን መንግስትን ኤርትራ ደው ንብል። ሕጂውን ከም ወትሩ ኲልና ሃገራውያን ኤርትራውያን ካባና ዝሕተት መካቲ ሓላፍነት ክንስከም ቅሩብነትና ነረጋግጽ።

ዘለኣለማዊ ዝኽሪ ንስውኣትና!

ዓወት ንሓፋሽ

ህዝባዊ መኸተ ኖርወይ